# ቀዳም ሥዑር

ማያዝያ 11 2017 ዓ.ም. (4/19/2025)

**ወትቤ ሲኦል አይ ውእቱ ዝንቱ ዘእም ሥልጣንየ ሥጋ ለቢሶ ዘሞዐኒ፥ መኑ ውእቱ ዝንቱ ዘምድረ ለብሰ፥ ውእቱኬ ሰማያዊ ውእቱ።**



**ንባባት ሮሜ 6፡3-11፥ ጴጥ 3፡15-ፍ፥ ግ.ሓ. 3፡12-4፡5፥ ማቴ 28፡1-10**

**ምስባክ፡** አንሰ ሰከብኩ ወኖምኩ፥ ወተንሣእኩ እስመ እግዚአብሔር አንሥአኒ ኢይፈርህ እምአእላፍ አሕዛብ። ተገምሰስኩን ድቃስ እውን ወሰደኒ፥እግዚአብሔር ስለ ዘተንስአኒ ካብቶም አእላፍ አሕዛብ አይፈርሕን እየ መዝ. 3፡5

ቀዳም ስዑር እንብሎ ሞት ብሞት ኢየሱስ ስለ ዝተሳዕረት መኧንንቲ ጽልመት አሸኒፉ ንኹሎም ነቶም ካብ አዳም ጀሚሮም መይቶም ዝነበሩ አብ ሰማይ አብ ሕቑፊ አብኡ መሪሒዎም ብምኻዱ እናዘከርና ስዕረት ሞት ኃጢአት ነስተንትን። ቀዳም ሥዑር መበሊአ መቕድም ትንሣኤ ስለ ዝኾነት እያ፥ አብ ክንድአ እሑድ ሰንበት ተሠርዔት ብሥዕረት ትንሣኤ ክርስቶስ ተተክኤት። ቅዳሴ አትናቴዎስ ንቀዳም ሥዑርን ንእሑድ ሰንበትን እንኬነጻጽር ንው ናልዕላ ለበኩረ በዓላት እንተ ይእቲ ሰንበተ ክርስትያን ቅድስት. . . ኦዛቲ ዕለት ለነብያት ተዐውቀት እምኃበ ሕዝበ አይሁድ ተሰወረት ወበኅቤነሰ ፍጹመ አስተርአየት. . . ለለሰሙኑ ትነግሥ . . . ኦዛቲ ዕለት እንተባቲ ብሊት ተጻርዓት ሓዳስ ጽንዓት ኦዛቲ ዕለት እንተባቲ ሙቁሓን ተፈትሑ ወአግብርተ ግዕዙ ይብል።

ሞት ክርስቶስ ሓዲስ ምዕራፍ አብ ታሪኽ ደቅ ሰብ እዩ አምጺኡ። ዕለተ ቀዳም ብሰንበተ ክርስትያን ተተኪአ፥ መንግስተ ሰማይ ተኸፊቱ፥ ሞት አብ ልዕሊ ሰብ ሓንቲ ሓይሊ ከምዘይብላ ገሩ። ቀዳም ሥዑር እተመሓላልፎ መልእኽቲ ንሕና እውን ንኹሉ ካብ አምላኽ ዝዓግተና ክንስዕሮ እሞ ምስኡ ደቂ ሰማይ ክንከውን የዘኻክረና። ከምቲ ክርስቶስ ክአል ኲሉ ፈጣሪ እንከሎ መይቱ አብ ትሕቲ መሬት ዝተቐብረ ንሕና እውን ንኹሉ ክፍአትና ድኽመትናን ቀቢርና ሓደስቲ ፍጥረት ክንከውን አምላኽ ሎሚ ይሓተና አሎ። ነዚ አነ ዝተጎዓዝክዎ ጉዕዞ ሒዝኩም ናባይ ቅረቡ ይብለና አሎ።

ማቴዎስ ንልብና ክትንክፍ ኢሉ ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ሞተ ዘጋጠመ ብኸምዚ ይገልጾ መጋረጃ ቤተ መቕደስ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ አብ ክልተ ተተርተረ ምድሪ አንቀጥቀጠት አኻውሕ ድማ ተጨዱ መቓብራት እውን ተኸፍቱ ሞይቶም ዝነበሩ ናይ ብዙሓን ቅዱሳን ሬሳታት ድማ ካብ መቓብራት ወጺኦም ናብታ ቅድስት ከተማ አተዉ ንብዙኃት እውን ተራይዎም (ማቴ 27 51-53) ይብለና። ምቕዳድ መጋረጃ ቤተ መቕደስ ዘመልክቶ ንኹሎም ደቂ ሰብ ናብ እግዚአብሄር አቦ ዝወስድ መገዲ ከምዝተኸፍተ እዩ (ዕብ 9፡15)፥ እቲ ሓዲስ ኪዳን ብደም ክርስቶስ ዝተሓትመ ከአ ተግባራዊ ክኸውን ጀሚሩ። አብ 1ጴጥሮ 3፡19 እንተ አንበብና ኸአ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብቀዳም ናብ ሲኦል ወረደ ነቶም አብኡ ተሓይሮም ዝነበሩ ነፍሳት ሓርነት ዝአወጀሉ ምኧኑ ነንብብ። ካብ መቑሕ ፈቲሑ መንግስተ ሰማይ ዝአተወሉ ስለ ዝኾነ ቀዳም ሥዑር ትብሃል።

ኣብዚ ዕለት ካብ ብርሃን ሓዊ (ሓዲስ ፍጥረት) ናብ ብርሃን ንጸልማት ዝቕንጥጥ ካብ ሓዘንን ጓህን ናብ ትንሣኤን ሓጎስን ንሳገር። ኩልና ብርሃን ሽምዓ ትንሣኤ ኣብሪህና ጥምቀትና ሓዲስና ብሓዲስ መንፈስ ምስ ኢየሱስ ሞትና ንትንሥኢ።

ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ብፍላይ ኣብ ብሉይ ኪዳን ምልስ ኢልና እንተ ረኤና ብፍላይ ኣብ መጽሓፍ ዘፅኣት ናይ እስራኤላውያን ካብ ባርነት ግብጺ ዝወጽኡሉ ነንበብ። እቲ ጉዕዞ ነጻነት ከምዚ ኣብ ጸሎተ ኃሙስ ዝግበር ብሓንሳብ ኮይኖም መስዋዕቲ ናይ በግዕ መስዋዕትን ብሓባር ዝበልዕዎን ይጅምር። ከምቲ ኢየሱስ ሕይወቱ ኣብ ዕለተ ዓርቢ ዝሰውኦ። ኩሎም ኣይሁድ መዓጹ ገዛውቶም በቲ ደም በግዕ ክለኽይዎ ነርዎም ምኽንያቱ እንተዘይ ኮነ መልኣኽ እግዚኣብሔር መጺኡ ብለይቲ ነቶም በኾሪ ግብጺ ክቐትል እንከሎ ንበኾሪ እስራኤል እውን ክቐትሎም እዩ። በዚ ደም በግዕ ድኂኖም እዚ ኸኣ ኣምሳል ናይእቲ ክርስቶስ ምእንቲ ኩልና ዘፍሰሶ ደም እዩ። ብጥምቀት ካብ ባርነት ኃጢኣት ናብ ነጻነትን ሓዲስ ሕይወት ኣምላኽ ንኣቱ።

ኣብ ባህሊ ላቲናውያን እንቋቕሖ ምልክት ትንሣኤ እያ በዚ እዩ Easter Egg ዝብሉ ኣብ ጊዜ ትንሣኤ ቆልዑት ተሓቢኡ ዘሎ ቅንቋቍሖ ይደልዩ እሞ ዝረኸብዎ ንርእሶም ይወስድዎ። እዚ ኸኣ ምልክት ናይ ሓዲስ ሕይወት እዩ። ሞት ኢየሱስ ሓዲስ ሕይወት ክህበና እዩ መይቱ። ቅ. ጳውሎስ ነቲ ኣረጊት ቀንጢጥኩም ነቲ ሓዲስ ቦታ ሃብዎ ይብል ምስ ኢየሱስ ክርስቶስ ክንመውት ከሎና ጥራሕ ኢና ሓዲስ ሕይወት ክንለብስ እንኽእል።

ኣብ ባህሊ ዓድና ቀዳም ስዑር ብዙሕ ነገራት እዩ ዝግበር ንጋሆ ኣብ ቅዳሴ መኃልየ መኃልዩ ኣብ ምጅማር ቅዳሴ ይድገም ኣመ ተንሥአ ወኣንሥአ ኩሎ ሙታነ ኣፈቀሮ እስከ ኣመ ፈቐደ እናበሉ ካህናት ኣብ መቕደስ እናዞሩ ይጽልዩ። ድሕሪ ቍርባን ዘሎ ጸሎታት ድያቆን ነኣኩቶ ቅዱሳተ ነሲኣና. . . . ንዝብል ይትነሣእ እግዚኣብሔር ወይዘረዉ ፀሩ (3ጊዜ) ብዝብል ተኪኡ ይጽሊ። እዚ ኹሉ ንሓዲስ ትንሣኤ ክንቀራረብ ምእንቲ እዩ።

ኣብ ቀዳም ሥዑር ድሕሪ ቅዳሴ ሰቲ ይዕደል እዚ ኸኣ ኣብ ሥርዓትና ከምቲ ርግቢት ንኖኅ ማይ ኣይጎ ከምዝፀሃየ ንምርዳእ ናይ ሰላም ምልክት ቆጽሊ ኣውልዕ ሒዛ ዝተመልሰት ከምኡ ከኣ ብናይ ትንሣኤ ክርስቶስ ሰላምን ዕርቅን ከምዝኾነ ንምምልካት ገብረ ሰላም በመስቀሉ ትንሣኤሁ ኣግሃደ እናዘመርና ብድሮ ትንሣኤ ታሕጓስና ንምግላጽ ሰቲ ንዕድል። ካህናት ለባስያን ከምኡ ዜማ እናዘሙ ይዕድሉ። ህዝቢ ካብ ገዝኡ ወጺኡ ይቕበል ብሩኽ ትንሣኤ ይግበረልና እናበሉ ምንዮቶም ይገልጹ።

ኣብዚ እንርእዮ ኩሉ ንትንሣኤ ክርስቶስ ክሰናዶ ከምዝግባእ፥ ብግልናን ብሓባርን ንትንሥኤ ክርስቶስ ፍሉይ ምቅርራብ ክንገብር ይግብኣና፥ እምብኣር ብዓልና ፍሉይ ክኾነልና እንታይ ክንገብር የድሊ ኢልና ምስ ሕልናና ክንዛረብ ኣሎና። ከም መበገሲ ነዚ ዝስዕብ ክንርኢ ንኽእል።

- ሰላም ኣብ ኩሉ ክነግስ ምጽዓር፡- ቀዳማይ ፍረ ትንሣኤ ክርስቶስ ሰላም እዩ። ሎሚ ሰብ ሰላም ኣብ ኩሉ ዳርጋ ስኢንዎ ኣብ ዘለዎ እዋን ንጉሥ ሰላም ክርስቶስ ሰላሙ ክህበና ምልማኑ። ነቲ ምእንታና ዘፍሰሶ ደሙን ኣብ መስቀል ሞቱን ክንዝክር እሞ ሕይወትና ክንቅይር ክሕግዘና ንለምኖ። ገብረ ሰላም በመስቀሉ እናበልና ክንዝምር እንከሎና ፍሉይ ርድኢት ክህልወና ይግባእ።

- ብኃጢኣትና ንብከ። ንነሳሕ ደፊርና ሕይወትና ነቐይር። ኣምላኽ ሎሚ ኣብ ልብና ኣብ ሕይወትና ክኣቱ ይኰሕኵሕ ኣሎ እቶ ንበሎ። ኣብ ሰንበት ሆሣዕና ድያቆን ኣርኅዉ

ሆኃተ መኳንንት እናበለ ዝኳሕኰሐ ሎሚ እውን ይኰሕኵሕ አሎ እሞ ንኽፈተሉ። አብ ዓመት ሓደ ጊዜ ብግዲ ተናዘዝ ዝብል ሕጊ ቤተ ክርስትያን ነኽብር።

- **ብእምነት ክንዓቢ ይግባእ።** እምነትና አይምዉት አይ ሕይወት ዘለዎ ከይኑ አብ ዘለዎ ጊዜ ክንበራበር ምስ ክርስቶስ ክንትንሥእ ፍቓደኛታት ንኹን። ሓዲስ ርክብ ምስ አምላኽ ክንፈጥር አሎና። ዘሎናዮ ዓይነት ሕይወት ንአምላኽ ክነለሊ ይሕግዘና የለን እሞ አገባብ አጸላልያና ከምኡ አብ መንፈሳዊ ሕይወትና ዝሕግዝ ሰናይ ግብሪ ንፍጠር።

- **ሰበኽቲ ሓቂ ንኹን።** ሎሚ ሰብ ተለኺፉ ዝተባህለን ዘይተባህለን ከውሪ ንርኢ አሎና ስለዚ ሓቀኛ ወረ ክርስቶስ አብ ኵሉ ነብጽሕ። ንሕና ኢና ንኢየሱስ እንልአኾ፥ ንሕና ኢና አብ ቅድሚ እዚ ጸላም ዝወረሶ ዓለም ብርሃን ኮና እነብርሆ ስለዚ ንበራበር ካብ ድቃስና ንተንስእ።

- **ዕሩፍ ሕይወት ንምራሕ፡** ሰብ ሎሚ ህዉኽ ሕይወት ጥራሕ ዝነብር ኮይኑ አመት ነፍሱ ረሲዑ አብ ጉያን ሃነፍነፍ አብ ምባልን ጥራሕ አተኹሩ ከይተረድኦ ሕይወት ይሓልፍ አሎ። ንአምላኽን ንሕይወቱን እዩ ዘንጊዑ ዘሎ፥ ስለዚ ሎሚ ክምለስ ክሕደስ ሰላም ዝነገሶ ርጉእን ቅድስና ዘልኦ ክመርሕ ይዕደም አሎ።

አብዚ ድሮ ብዓለ ትንሣኤ አብ ዘሎናዮ እዋን ፍሉይ መልእኽቲ አምላኽ ሓዲስ ሕይወት ክንለብስ እሞ ካብ አረጊት ጠባይና አካይዳ ሕይወትና ክንቅይር ስንድዋት ከምዝኾና እሽታና ንግለጽ። ብኃጢአትና ተአሚና አብ መንበረ ኑዛዜ ቆምና ንነሳሕ ንአምላኽ ምሓረኒ ኢልና ምስ ሓውናን ሓፍትናን ምሉእ ዕርቂ ንግበር። አብ ገዛና ብርሃን ትንሣኤ ክርስቶስ ክአቱ ንዓድሞ። ብምሉእ ልብና አብ አምላኽ ክንቀርብ ልብና ነንጽሕ።

ብሩኽ ብዓለ ትንሣኤ ንኹልኹም

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ